ገለ ዳግማይ ወፈሩ
በኛ ህዝቢ ክህብ ግንባሩ
ካብ ሕድሪ ስዋኣቱ ዘይጠለመ
በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገርጀርመን

ግዚኡ ኣይኮነን መን ይምራሓዮ
ቅድም እሾኽ ምድሪ በትና ነጽሪዮ
ቅድሚ ምዝራእና ግራትና ንጽሃዮ
ዳሓር መሪሕ ክኸውን ህዝቢ ዝሓረዮ።

ጊጋታት ምጽብጻብ ግደፍዎ
ተዛቲና ንህግደፍ ክነፋንዎ
ዋዕላ ንለውጢ ሽለል ኣይትበልዎ
መን ኣሎ ብኛንዳ ህግደፍ ዝራሃዎ
ብጀካ እቲ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎ
ወደባትስ መሪርዎ ኣሎ ደም ጢዒምዎ።

ካብ ህግደፍ ፈሪሕካ ዶ ገዛኻ ይዋዓል
ኣበይ ኣሎ ካብ ነጻነት ዝዓቢ ባዓል
ምስ ተቓወምቲ ዊዒልካ ከይትባሃል
ፍርሒ ገብገብ ኣቢልዎም ከም ዓባይ ሳዓል።

ህግደፍ ጸሊኡ ራሕሪሑ ሃገሩ
ምድረበዳ ሰንጢቁ ባሕሪ ሰጊሩ
ተመሊሶም ንህግደፍ ይግብሩ
ገለ ዳግማይ ወፈሩ ክህብ ግንባሩ
በኛ ህዝቢ ንህግደፍ ክቃወም በረኻ ሰፊሩ

ገለ ንህግደፍ ነጺጉ የእዊየላ ንሃገሩ
ተቓዉሙኡ የስምዕ ሰላማዊ ሰልፈታት ገሩ
ኣሻሓት ኪሎመተራት ይጎዓዝ ረሲዑ ሓዳሩ
ኣብዚ ኣሎዉ ሕድሪ ስዋኣትና ዘተግበሩ።

ገለ ንተቓወምቲ የጸልሙ ዘይፈልጡ ነውሪ
ገለ ድማ  የናውሕ ናይ ምልኪ ዕምሪ
ብመዳኸርቲ ህግደፍ ህዝቢ ኣትይዎ ቁሪ።

ወደባት መሪርዎ ሲሒቱ ኣንፈቱ
ናብ ዝጠርያ ጠፊእዎ መረቱ ተዘሚቱ
ኣብ ስደት ዘለዉ ክንዲ ህግደፍ ይማጎቱ።

ኢሰያስ ምስ ጃንዱኡ ህዝቢ የዋርዱ
ኣብ ስደት ዘሎ ህዝቢ እሞ ኣይግዳዱ
ንጃንዳ ህግደፍ ኣሕሊፎ ሸጥዋ ንዓዱ።

ቀተልቲ የሕዋቱ እንተ ጸዉዑዎ ይጎይ
ገንዘብ የዎጻኣሎም ንደቀባት መድመይ
2.ካብ ሜእት ይኸፍሉ ህዝቢ መብከይ።

ገለ ኣጽቂጡ ገለ ኮይኑ ኣገልጋሊ
ተቓዋማይ ዊሒዱ ንህዝቡ ዝሓሊ
ኣብ ስደት ውን ኮይኑ ኣመን ባሃሊ

ብቃልስና ክወግሕ እዩ ከምቲ ናይ ትማሊ
የኣኸለና ዝተረገጽናዮ ብህግደፍ ኣድገ በቐሊ
ቦታ ጠለምቲ ሕድሪ ክትክእ ንህዝቡ ዝሓሊ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ኤረና ንለብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስዋኣትና
ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን